09 ሚያዝያ 2011

# መግለጺ ሓዘን

ብ22 መጋቢት 2011 ካብ ሊብያ ናብ ኣውሮጳ ገጻ ጉዕዞ ዝጀመረት መርከብ ናበይ ከም ዝኣተወት ደሃያ ጠፊኡ ድሕሪ ምቕናይ፡ ገና ርሑቕ ከይተጓዓዘት እንከላ ብዘጋጠማ ሓደጋ ከም ዝጠሓለትን ኣብኣ ተሳፊሮም ዝነበሩ 335 ሰባት ብምሉኦም ከም ዝሃለቑን ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ዘሕዝን ዜና'ዩ። ካብ'ዞም ኣብ'ዛ መርከብ ተሳፊሮም ዝነበሩን ብዘሕዝን ዝሃለቑን ሰባት 325 ህጻውንትን ደቂ-ኣንስትዮን ዝርከብዎም ኤርትራውያን ዜጋታትና ምዃኖም ተረጋጊጹ ኣሎ። ብምኽኑ'ውን ብህልቂት ናይዞም ዜጋታትና ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኩሎም እቶም ሂወቶም ዝሰኣኑ መንግስተ ሰማይ ክወርሱ እናተመነና፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንግዳይ እዚ ዘሕዝን ተረኺቦ'ዚ ዝኾኑ ስድራ ቤታት ድማ ብፍላይ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ንብል።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡- እዚ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ወሪዱ ዘሎ ዘሕዝን ጥፍኣት'ዚ፡ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ይሃበና ብምባል ጥራሕ ንሓልፎ ኣይኮነን። ናይ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ህልቂት መንቀሊ እንታይ እዩ? መፍትሒኡ'ኸ እንታይ ክኸውን ይኽእል? ዝብሉ ሕቶታት ብድሕሪ ምልዓል ፍጹም ዘየዳግም ነባሪ መልሲ ክንህበሉን ክነቐምጠሉን እንጥለበሉ እዋን ምህላውና ክንግንዘብ ኣገዳሲ ጉዳይ ይኸውን።

ብሰንኪ ጨካን ግዝኣት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ብሰላም ክነብሩ፡ ተማሂሮምን ሰሪሖምን ክሓልፈሎም፡ ጥዑም ማሕበራዊ ሂወት ከስተማቕሩ፡ ዝኽእልሉ ዕድል ተሓሪምዎም ይርከብ። መጻኢ ዕድሎም ጸልሚቱ ሂወቶም ኣብ በረኻታትን ጎቦታትን ብኸንቱ ክባኽን ስድራ-ቤታት ብጥሜትን ዕርቃንን ክሳቐዩ፡ ዝረገጹዋ መሬቶም እሾኽ ስለ ዝኾነቶም፡ ዝፈትዉዋ ዓዶም ራሕሪሖም ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ኩሉ ዓይነት ሕሰም እናሰገሩ ናብ ከርፋሕ ናብራ ስደት ክቃልዑ ጸኒሖምን ኣለዉን።

ዓዶም ሓዲጎም ንስደት ክቃልዑ ዝጸንሑ ዜጋታትና እንትርፎ ውሱናት ዕድለኛታት፡ ኣብተን ዝማዕበላ ሃገራት መዕቆቢ ዝረኸቡ፡ ኣብ ጉዕዞ እናሃለዉ፡ ብኣዛብእ ዝተበልዑ፣ ኣብ ምድረ-በዳታት ብማይ ጽምኢ ሞይቶም ሑጻ ውሒጡዎም ንቡር ቀብሪ ከይረኸቡ ዝተረፉ፣ ኣብ ኢድ ሸፋቱ ነጋዶ-ሰብ ወዲቖም ንኣሰቃቒ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት ዝተቓለዑ፣ ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጽን ሊብያን ብግፍዓዊ ኣገባብ ዝተሳቐዩ፣ ተጠሪዞም ኣብ ኢድ ጨካን ስርዓት ኢሳይያስ ተረኪቦም ንግፍዓዊ ማእሰርትን ሞትን ዝተሳጥሑ፣ ብኣረግቶት ጀላቡ ባሕሪ ክሳገሩ ቀለብ ዓሳታት ዝኾኑ፡ ልዕሊ'ዞም ብሓደ ጊዜ ኣብ ባሕሪ ሃሊቖም ዘለዉ ዜጋታትና ምዃኖም ዘካትዕ ኣይኮነን።

ንህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገሩ ጥራሕ ኣይኮነትን መንበሪ ዝሳኣነላ ነበልበል ሓዊ ኮይናቶ ዘላ። ዓዱ ሓዲጉ ጉዕዞ ስደት ''ሀ'' ኢሉ ምስ ጀመረ'ውን ድኻም፣ ጥሜት፡ መግረፍቲ፡ ማእሰርቲ፡ ዘሰቕቕ ሞት ደድሕሪኡ ዝስዕቦ ኮይኑ ኣሎ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገሩ ጥራሕ ኣይኮነን ብሰላም ወፊሩ ክኣቱን ሰሪሑ መነባብርኡ ከማሓይሽን ነፊጉዎ ዘሎ። ደድሕሪኡ እናሰዓበ'ውን ውሕስነት ሂወት ክስእንን ዘለኣለም እናባህረረ ክነብር፡ ርእሰ ምትእምማን ኣጥፊኡ ብተስፋ ምቑራጽ ተኸቢቡ ዝረግጻ መሬት ምእማን ክሳብ ዝስእን፡ ተዳሂሉ ዕንይንይ ክብል'ውን ፈሪዱዎ ኣሎ። ስለዚ ስርዓት ኢሳይያስ ብሂወት ህዝቢ ኤርትራ ክጣላዕ ዝጸንሐን ዘሎን ኣረሜናዊ ስርዓት እዩ።

ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን፡ ን10-ተታት ዓመታት ኣብ ሕቑኦም ተሰቒሎም ክገዝኡዎም ዝጸንሑ ጨካናት መንግስታቶም ንሓንሳእን ንሓዋሩን ክጉሕፉዎም ኣብ ሰፊሕ ማዕበላዊ ዓመጽ ተጸሚዶም ምህላዎም ንምልከት ኣሎና። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ በዚ ማዕበላዊ ህዝባዊ ዓመጻት'ዚ ርዒዱ፡ ብፍርሒ ተዋሒጡ ይሕቆን ምህላዉ ብቐረባ ንርእዮ ዘለና ተርእዮ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳይያስ ዘሕለፍናየን 2 ዓሰርተ ዓመታት ካብ'ቶም ንጨካናት መንግስታቶም ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ክድርብዩ ተላዒሎም ዘለዉ ህዝብታት ዝኸፍኣ'ምበር ዝሓሸ ሂወት ነሕልፍ ዘይምህላውና ባዕልና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ስርዓት ኢሳይያስን ህግደፍን'ውን ሕርሕራይ ገይሮም ዝፈልጥዎ'ዩ። ዘርዕዶም ዘሎ ድማ ናይ ኢዶም ዝፍደዩላ እዋን ትቀራረብ ምህላዋ ይምልከቱ ስለ ዘለዉ እዮም። ነዛ ዘይትተርፍ ሓመድ ድብኣም ዝፍጸመላ ዕለት ንምንዋሕ ከኣ፡ ዘይፍንቅሉዎ እምኒ፡ ዘይምህዝዎ ተንኮል፡ ርዒድና ርእስና ኣድኒኖም ክገዝኡና ዘይፍጽምዎ ግፍዕታት ከምዘየልቦ ድማ ዕለታዊ ተግባሮም ንባዕሉ ዓቢ ምስክር'ዩ።

ጨካን ስርዓት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ሊብያ ንመስፍናዊ መግዛእቲ ሙዓመር-ቀዛፊ ንምውጋድ፡ ህዝባዊ ዓመጽ ካብ ዝተበገሰሉ እዋን ጀሚሩ፡ ኣብ ጎኑ ተሰሊፉ ንምብርዓን ህዝባዊ ዓመጽ ሊብያ ክኣየይ ጸኒሑ ኣሎ። ንህልውናን ቀጻልነትን ስርዓት መዓመር ቀዛፊ በጃ ክኾኑ ካብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክልተ ፍሉያት ቦጠሎኒታት፡ ልኢኹ ምህላው ዝፍለጥ'ዩ። ዲክታቶር ኢሳይያስ፡ ንክልተ ፍሉያት ቦጠሊኒታት፡ ብዕሱብ መጋበርያኡ ብሪጋ/ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ተመሪሓም በጃ ቀዛፊ ክኾኑ ዝለኣኸሉ ኩነታት ብክልተ ዓበይቲ ምኽንያታት ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

1. ብዋጋ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ካብ ቀዛፊ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላራት ናብ ውልቀ ካዝንኡ ከእቱ ካብ ዘለዎ ስሱዕ ሸውሃት።
2. ኣንጻር ሙዓመር ቀዛፊ ተወሊዑ ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ ሊብያውያን ብሓይሊ ምጭፍላቕ ማለት፡ ኣብቲ ውዒሉ ሓዲሩ ምብርዑ ዘይተርፎ ህዝባዊ ዓመጽ ኤርትራውያን ደወል መጠንቀቕታ ንምምሕልላፍ'ዩ። ብኣጠቓላሊ ዲክታቶር ኢሳይያስ ኣብ ዝባን ህዝቢ ኤርትራ ካብ 30 ክሳብ 40 ዓመታት ብዓመጽ ተኾይጡ ክገዝእ ዘለዎ ርኹስ ሸውሃት ክዉን ንምግባር ዝዓለመ'ዩ።

ዝተፈላለዩ መንግስታት ዓለምን ኣፍሪቃውያን ጎረባብትናን ኣብ ሃገረ ሊብያ ዝርከቡ ዜጋታቶም ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊኦም ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኣብ ዝኣየይሉ ዘለዉ እዋን፡ ዲክታቶር ኢሳይያስ፡ ንዜጋታቱ ካብ'ዚ ሓዊ'ዚ ከድሕኖም ኢሉ ኣይሓሰበን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነዚ ኩነታት'ዚ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ከቓልዖም ኣብ ጎኒ ስርዓት መዓመር ቀዛፊ ተሰሊፉ ብታሪኽ ይቕረ ዘይበሃሎ ገበን ኣብ ምፍጻም ይርከብ ኣሎ። ስለ ዝኾነ'ውን ካብ ሃገሮም ተሰዲዶም ኣብ ሊብያ ዝጸንሑ ዜጋታትና፡ ህዝቢ ሊብያ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ቀዛፊ ዝወልዖ ዓመጽ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ተቖርቂሮም እግሮም ናብ ዝመርሖም ክሃድሙ፡ ዝብላዕን ዝስተን ኣብ ዘይብሉ ገዛውቲ ተሓቢኦም ንዝኸፍአ ጥሜትን ሞትን ዝቓልዕሉ ኩነታት ተፈጢሩ ጸኒሑ ኣሎ። ብኣማኢት ድማ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክሰግሩን ብዘይሕጋውያን ጀላቡን መራኽብን ተጻዒኖም ሜዲተራንያን ባሕሪ ክቖርጹ ዝተገደድሉ ኣዝዩ ዘሰቅቕ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላዉ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። እምበኣርከስ፡ ሂወት ናይዞም ኣብ መርከብ ተሳፊሮም ካብ ሊብያ ናብ ኣውሮጳ ክሰግሩ ክብሉ ብዘሰቅቕ ህልቂት ዝጠፍኡ 325 ንጹሃት ዜጋታትና ቀንዲ ተሓታቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምዃኑ ኣብ ክትዕ ዘይኣቱ ጉዳይ'ዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ እቲ ጨካን ስርዓት-ግዝኣቱ ክሳብ ዝቐጸለ፡ ኣብ ሃገርና ሰላም ረኺብና ንነብረሉ ሰሪሕና ተማሂርና ክሓልፈልናን ዝተረጋግአ ማሕበራዊ ሂወት ክንመርሕን ማለት ሕልሚ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ዓድና ተሰዲድና'ውን ውሕስነት ሂወት ንረኽበሉ ዕድል ከምዘየልቦ ሕርሕራይ ጌርና ከነስተውዕል ይግባእ። ብሰንኪ ዲክታቶር ኢሳይያስ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ብዓሰርተታት ኣሽሓት ኣብ ግፍዓዊ ቤት ማእሰርትታት ዝዳጎኑ፣ ዝቐንጸሉን ዝሓቑን ምህላዎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እዚ ዕድል'ዚ ኣብ ስደት'ውን ደድሕሬና ዝስዕብ ዘሎ ዕጫ ኮይኑ ኣሎ። ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ከም ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ምብትታንን ብርሰትን ዝተሳጣሕናሉ ኩነታት ተኸሲቱ ኣሎ። ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ልዕሌና ካብ ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ምብትታንን ብርሰትን ብዘላቕነት ንምድሓን፡ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ መፍትሒ መማረጺ ዘይብሉ ሓደን-ሓደን ጥራሕ'ዩ። ንሱ ድማ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ- ህግደፍን ንሓንሳእን ንሓዋሩን ናብ'ቲ ዘይተርፎም ጉሓፍ ታሪኽ ምድርባዮም ጥራሕ'ዩ። ምእንቲ'ዚ ድማ ከም ህዝብን ሃገርን ንሓድነትና ዝፈታተንን፡ ዕድመ ስርዓት ኢሳይያስ ዘናውሕን፡ ስልቲ ፈላሊኻ ምግዛእ መኪትና፡ ዓቕምታትና ጠሚርና ሓያል ቅልጽምና ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምዕራፍ ንለዓል። እዋኑ ጽባሕ ወይ ድሕሪ ጽባሕ ዘይኮነስ ሎሚ'ዩ!!!

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ 5ተ መሓዙት ውድባት፡ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ምሕደራ፣ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊት ኤርትራ፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራን፡ ኣብ ህጹጻትን ተባራዕትን ሕቶታት ተመርኲስና ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ምብትታንን ብርሰትን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ክንቃለስ ጀሚርናዮ ዘሎና መስርሕ ዘተን ልዝብን ኣጠናኺርና ክንቕጽሎ ምዃና ነረጋግጽ።

**ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!!**